# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.276 | ሰንበት 19 ሓምለ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ቺንዋ ኣቼበ



ገጽ 4 ስእላዊ ዓምዲ



ገጽ 5 ወግዓዊ መኽፈቲ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026



ገጽ 6 ምልክታ


## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንፈስቲቫል ኤርትራ 2026 ብወግዒ ከፈቱ

ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ትማሊ ቀዳም 18 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ-ቐትሪ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ንብዙሕነትናን ኣብኡ ዘሎ ስጥመትን ብዘንጸባርቕ ባህላዊ ትልሂታትን ያታዊ ጣዕመ ዜማታትን ብሄራት ኤርትራ ዝማዕረገ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝተኻየደ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ካብ ወሻጢን ወጻእን ዝመጹ ዜጋታት ተሰንዮም፡ ቀረብ ንዘሎ ትሕዝቶታት ተዓዚቦም መግለጺ ተዋሂብዎም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ቀሸት ዞባታት እናተዘዋወረ - ፍርያት ዞባታትን ዝርግሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን፡ መደባት ሕርሻዊ ልምዓት፣ ታሪኻውን ቅርሳውን ንዋትን ስእልታትን፡ ባህላውን ተፈጥሮኣውን ሃብቲ፣ ወጽኢት ምህዞን ሰንዓትን፡ ከምኡ'ውን ጸጋታት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራን ካልእ ትሕዝቶታትን ተዓዚቦ።



ስእሊ፡ ሳልሕ ዓብደልቃድር

ብዘይካ'ዚ፡ ብሚኒስትሪ ምክልኻልን ሚኒስትሪ ዜናን ዝተዳለወ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፣ ዝተፈላለዩ ኣርእስታትን ዛዕባታትን ዝድህስስ መጽሓፍቲ፣ ስራሓት ቅብኣን ቅርጻን፡ ከምኡ'ውን ብትካላት ዝቐረበ ምርኢትን ባዛርን ኣካል ናይ'ቲ ቀረብ ዘሎ ትሕዝቶታት'ዩ።

ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን፡ ኣፋዊ ያታታት፣ ምርኢት ምህዞን ሰንዓትን፡ ደኪና ያታዊ ኣባይትን መኣብሮን፡ መደባት ቁልዑን ህጻናትን፡ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ፣ ምርኢት ፍርያት ትካላትን ባዛርን፡ ምርኢት ዘመናዊ ትልሂት፣ ኩርናዕ ገጠምቲ፣ ስነጥበባዊ ምርኢት ቅብኣን ቅርጻን፡ ሰሚናራትን ስነጽሑፍን፡ ምርኢት ኣብ ሃገርና ዝፈረዩ ፊልምታት፣ ከምኡ'ውን መጸናዕታዊ ጽሑፋት ብዛዕባ ፊልም ብዘጠቓልል መደባት፡ ክሳብ 26 ሓምለ ክቕጽል እዩ።

## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ውድብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካሪብያንን ፓሲፊክን ተሳቲፉ

ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት በለክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ15ን 16ን ሓምለ ኣብ ብራስልስ - በልጅም ኣብ ዝተቓነየ መበል 121 ኣኼባ ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ውድብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካሪብያንን ፓሲፊክን ተሳቲፉ።

እቲ ልዕሊ 65 ሃገራት ዝተሳተፍኦ ስሩዕ መንፈቓዊ ኣኼባ፡ ብእዋናዊ ኣቦመንበር ናይ'ቲ ውድብ - ሚኒስተር ፋይናንስን ቁጠባን ጋምቢያ ሚስተር ሰዲ ኬይታ ዝተመርሐ'ዩ ነይሩ።

ተጋባእቲ፡ ብቐንዱ ድኹም ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ናይ'ቲ ውድብ ኣብ ምሕያልን ኣብ 2017 ክኽለስ ኣብ ዝጸበዮ ሓደሽ ክፍሊት ኣባል ሃገራትን፡ ከምኡ'ውን ብዙሓዊ ሽርክነት ምስ ስትራተጂያውያን መሻርኽቱ ኣብ ምድልዳል ኣተኩሮም ዘትዮም።

ፋይናንሳዊ ኩነታት ናይ'ቲ ውድብ ብዝምልከት ኣብ ዝተኻየደ ዘተ፡ ልኡኽ ኤርትራ፡ እቲ ውድብ ርእሱ ክኽእልን ፖለሲኡ ክውንን ክሳብ ዘይክኣለ፡ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ዘለዎ ሽርክነት ብማዕረ ክዋሳእ ከምዘይክእል ብምንጻር፡ ኣባል ሃገራት ዓመታዊ ክፍሊተን ኣብ ግዚኡ ከማልኣ ጸዊዑ።

ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ውድብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካሪብያንን ፓስፊክን ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ንጥፈታቱ ዝሕግዙ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።




## ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ፡ 297 ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመረቐ



ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ኣፍሒ፡ ትማሊ 18 ሓምለ ንመበል 19 ግዜ ኣብ ዘካየዶ ስነስርዓት መመረቕታ፡ 25 ማእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከባኦም 297 ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመረቐ።

ብዲግሪ ዝተመረቑ - ብዓውድታት ሕርሻዊ ምህንድስና፡ ምህንድስና ስነቀመም፡ ሲቪላዊ ምህንድስና፡ ስነፍልጠት ምህንድስና ኮምፒዩተር፡ ኤለክትሪካውን ኤለክትሮኒካውን ምህንድስና፡ ምህንድስና ባሕሪ፡ ሜካኒካዊ ምህንድስናን ምህንድስና ዕደናን፡ ብዲፕሎማ ዝተመረቑ ድማ ብዓውድታት ቴክኖሎጂ መተግበሪታት ኮምፒዩተር፡ ቴክኖሎጂ ናውቲ ኮምፒዩተርን መርበባትን፡ ቴክኖሎጂ ኤለክትሮኒክስ፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ዕደናዮም ትምህርቶም ተኸታቲሎም።

ናይ ክብሪ ዕዱም - ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ሰባዊ ጸጋ ዓንዲ ማእከል ምዕባለ ሃገር ከምዝኾነ ብምግንዛብ፡ ጥጡሕ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ባይታ ብምፍጣር ዝፍ ወፍሪ ይገብሩ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ተመረቕቲ ቀሲምምዎ ንዘለዉ ፍልጠት ብዘይዳ ጸዕሪ ኣተኩሮን ተብሉሓትነትን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ክሰርሑ ተላብዩ።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር ኣርኣያ ዘርኣይ ድማ፡ እታ ዕለት ናብ ዝበረኸ ሓላፍነት እተሰጋግር መድረኻዊት መደምደምታ ምኳና ብምጥቃስ፡ ገዕዞ ተመረቕቲ ኣብ ምኽስካስ ኣእምሮኣዊ ንቕሓት፡ ምህናጽ ዘላቒ ምህንድስና፡ ከምኡ'ውን ምሩብ ሞያዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝበሉ ሰለስተ መትከላት ከምዝምርኮስ ኣገንዚቡ።

ወኪል ተመረቕቲ ብግዲኡ፡ እታ ዕለት ክንጽ ደረት ትርኢት ብምጥማት፡ ሞያዊ ዓቕሞም ኣብ ኣገልግሎት ሃገርን ሕብረተሰብን ንምውዓል ማሕላኦም ዘሐደሰላ ከምዝኾነት ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ትምህርቶም ጽቡቕ ዝርኣዩ ተመረቕቲ መዳልያ ተዓዲሎም።



ስእሊ፡ ክብሮም ጸሃየ

ዜና

# ዓንሰባ - ተመረቕቲ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ከምዝጽዕሩ ገሊጾም



ተመረቕቲ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ብዝለዓለ ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ሓረስቶት ሃገርና ክጥቀሙሉ ዝጸንሑ ያታዊ ኣገባብ ሕርሻ ናብ ዘመናዊ ብምቕያር፡ ምህርቲ ብዓይነትን መጠንን ኩብ ንምባል፡ ኣብ ኮለጅ ብዝቐሰምዎ ግብራውን ክለሰ-ሓሳባውን ትምህርቲ ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ቃል ኣትዮም።

ኣብ ዘለናዮ ዘመን ሳይንስን ቴክኖለጅን፡ ብድህሆታት ደርቅን ሕጽረት ዝናብን ዝጻወር ኣዝርእቲ ንምትእትታው፣ ማይን ሓመድን ብምዕቃብ መስኖኣዊ ሕርሻ ንምምዕባል፣ ውሑስ መኣዛዊ ምግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ ንምርግጋጽ፣ ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ዕዳጋታት ንምውሓስ፣ መደባት ምግራብን ዳግመ-ምግራብን ንምዕዋት፣ ከምኡ'ውን ጥዕና እንስሳታት ንምውሓስ፡ ምስ ሓረስቶት ብሓባር ከምዝሰርሑ'ውን ኣረጋጊጾም።

ወለዲ ብወገኖም፡ ተመረቕቲ ንሕፍሶም ኮይኖም ንህዝቦምን ሃገሮምን ንኸገልግሉ፡ ዓጸፋታ ክሰርሑ ከምዝተቐበልዎም ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ ተመረቕቲ፡ ህዝብን መንግስትን ንዝገበሩሎም ሓገዝን ንዝፈጠሩሎም ጥጡሕ ናይ ትምህርቲ ባይታን ብምምስጋን፡ ዝያዳ ሓላፍነት ተሰሚዖም ብዝሓየለ ክሰርሑ ምዃኖም ኣነጺሮም።

ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብ16 ሓምለ ኣብ ዝካየደ መበል 19 ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ 20 ዶክትረራት ሕክምና እንስሳ ዝርከብዎም 375 ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ትምህርቲ ኣመሪቑ።

# ሕማም ሸኮር ንምክልኻል፡ ዜጋታት ኩነታት ጥዕናኦም ክከታተሉ ሞያውያን መኺሮም



ሕማም ሸኮርን ሳዕቤናቱን ንምክልኻል፡ ሕብረተሰብ እቲ ሕማም ቅድሚ ምኽሰቱ ኩነታት ጥዕናኡ ብኣጋ ክፈልጥ፡ ኣብ ሆስፒታል ከረን ሓፈሻዊ ሓኪም ዶ/ር ከስተብርሃን ሰለሙን ኣዘኻኺሩ።

መጠን ሸኮር ኣብ ደም ካብ 110 ክሳብ 125 ኣብ ዝኾነሉ፡ መድረኽ 'ቅድመ ሕማም ሸኮር' ከምዝበሃልን ሕማም ሸኮር ቅድሚ ምምዕባል ንዘሎ ኩነታት ጥዕና ዝገልጽ ምዃኑን ብምሕባር፡ ንሕማም ሸኮርን ካልኦት ተደረብቲ ሕማማትን ከቃልዕ ዝኽእል ናይ ጥዕና ነጸርታ ስለዝኾኑ፡ ሕብረተሰብን ክኢላታት ሕክምናን ክቕሕሉ ተላብዩ።

ሕማም ሸኮር እንተኣማዕቢልካ፡ ናብ'ቲ ኣቓዲምካ ዝበርኾ ምሉእ ናይ ጥዕና ኩነታት ምምላስ ከምዝደኽል ዝሓበረ ዶ/ር ከስተብርሃን፡ ነጸርታ ቕድመ ሕማም ሸኮር ዝተራእየም ሰባት ግና፡ ኑቲ ሕማም ከየማዕበሉ ብኣግኡ ሕክምና ክትትል፡ ከምኡ'ውን ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ኣመጋግባን ብምዝውታር ጥራይ፡ ሓውዮም ናብ ዝሑብርዎ ናይ ጥዕና ኩነታት ናይ ምምላስ ተኽእሎ ከምዘለዎም ኣብሪሁ።

ሓደ ሰብ መርመራ ክገብር ኣብ ሕክምና ኣብ ዝመጸሉ፡ ሕማም ሸኮር ምህላዉን ዘይምህላዉን ምርግጋጽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቅድመ ሕማም ሸኮር ከምዘይብሉ ክረጋገጽ ከምዘለዎ'ውን ኣገንዚቡ።

ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ሸፈን ጥዕና ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ንምብጻሕ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት፡ መድሃኒታት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ ናይ ሕማም ሸኮር ድማ ብፍላይ ንሕሙማት ብነጻ ከምዝዕደል ብምሕባር፡ ዚ ብመንግስቲ ዝግበር ኩለንተናዊ ደገፍ ንምሕጋዝ፡ ሕብረተሰብ ካብ ኣወለፍቲ ነገራት ክቑጠብ፣ ከምኡ'ውን ግቡእ ኣመጋግባን ስሩዕ ምንቅስቓስ ኣካላትን ክዘውትር ተላብዩ።

# ሰገነይቲ - ብደቂኣንስትዮ ንዝእለያ ስድራቤታት ናውቲ ሕርሻ ተዓዲሉ



ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ን/ዞባ ሰገነይቲ፡ ብደቂኣንስትዮ ንዝእለያ 70 ኣብኸታውያን ሓረስቶት ስድራቤታት፡ ናውቲ ማእቶት ብመልክዕ ሓገዝ ተዓዲሉ።

ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ኢያሱ ኣሰፋው ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እተን ስድራቤታት - ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ማይሰገን፡ ማይሞጉዶምን ማይፋትን ከምዝኾና ብምጥቃስ፡ ዘካይድኦ ንጥፈታት ብክኢላታት ተራእዩ እቲ ናይ ምትብባዕን ስጉምቲ ከምእተወሰደ ገሊጹ።

እተን ስድራቤታት ዝገብርኦ ዘለዋ ንጥፈታት፡ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ኣተባባዒ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ኣብ ምፍራይ እንቋቝሖ፡ ጸባን መዓርን ኣተኲረን ክሰርሓ ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰገነይቲ ኣቶ ዓብደልቃድር ሓጂ-ዓሊ ብወገኑ፡ እተን ሓረስቶት ስድራቤታት ዝካየድኦ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ምስ ክኢላታት እናተማኸራ ክነጥፋ ተላብዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ድግሳ ንዘካየድ መደባት ምግራብ ልዕሊ 11,000 ጎዳጉዲ ኣብ ሕሩም ሕዛእቲ ተዳልዩ ከምዝለዉ ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሃይለማርያም የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ 3 ዓመት ዝተተኽለ ልዕሊ 40,000 ዓይነታት ፈልሲ ገረብ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዘሎ ኣብሪሁ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጰ. 1284


# ደቀምሓረ - ኣበርክቶ ሕብረተሰብ ኣብ ትምህርቲ ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ን/ዞባ ደቀምሓረ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣበርክቶ ሕብረተሰብ ልዑል ምንባሩ፡ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ትግባረ መደባት ትምህርቲ ተገሊጹ።

ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓመት፡ ብተሳትፎ ህዝቢ ቁጽሪ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ካብ 25 ናብ 40 ብምብራኹ፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ናብ ልዕሊ 2,700 ክብ ከምዝበለ፣ ብደረጃ ኮም ንኣብያተ-ትምህርቲ ዝተገብረ ዓይነታዊ ደገፍ ድማ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝኾነ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንኣብነታውያን መምህራን ሽልማት ተዓዲሉ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሁብትዝጊ ኪዳነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብመምህራንን ኮምን ንዝተገብረ ደገፍ ድሕሪ ምምጓስ፡ ንኣብነታውያን መምህራን ምሽላም ቅዱስ ቅንኢ ስለዝሕድር፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ክሰራሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ሕጽረት መምህራን ፍታሕ ክናደየሉ፣ እርጋንን ዋሕድን መጽሓፍትን ሰደቓታትን ቁላሕታ ክወሃቦ፣ ከምኡ'ውን ንዕብየት መምህራን ቡብደረጅኡ ስልጠናታት ክውደብ ዝብል ለበዋታት ቀሪቡ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

(ሰንበት)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ መዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


(ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄል ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ቺንዋ ኣቸበ



ቺንዋ ኣቸብ ኣብ 1930 ኦጂዲ ኣብ ዝተባህለት ንእሽቶ ከተማ ናይጀርያ ተወሊዱ። እቲ ልዑል ህቡብነት ዘለዎ ናይጀርያዊ ደራሲ፡ ብኤውሮጳውያን ጸሓፍቲ ንዝቐርበ ዝዝነብዕ ስእሊ ኣፍሪቃውያን ዘጽብርቑ ጽሑፋት፡ ብዚ ሓያል ብርዑ ዝተቓለሰ እዩ።

ኣቸቤ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ ናይ ሕክምና ትምህርቱ ክከታተል ጀመረ። እንተ ኾነ ኣብ ሞያ ስነ ጽሑፍ ብዝነበሮ ልዑል ፍቕሪ ትምህርቱ ኣቋሪጹ፡ ናብ ዩኒቨርሲቲ ኢባዳን ብምእታው ስነ ጽሑፍ ኣጽንዐ። ድሕሪዚ ንገለ ዓመታት ከም መምህር ኮይኑ ሰሪሑ። ቀጺሉ፡ ኣብ ትካል ፈነወ ሬድዮ ሌጎስ (ናይጀርያ) ንዊሕ ዓመታት ኣገልገለ።

ኣቸቤ ድሕሪ ኩናት ሓድሕድ ናይጀርያ እዩ ዝያዳ ኣብ ሞያ ስነ ጽሑፍ ጠሊቑ ክሰርሕ ጀሚሩ። ኣብቲ ግዜ ከኣ ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ልቢ ወለድ፡ ግጥምታትን ሓጻርቲ ዛንታታትን ኣብርከተ። ኂ-ኂዚ እውን ኣብ ብዙሕ ባህላዊ ንጥፈታት ይሳተፍ ነበረ።

ናይ ሓንቲ 'ኦኪኮ' ዝተባህለት ስነ ጥበባዊት መጽሔት ማስራቲ ብምኳን ብመንገዳ ብዙሓት ጸሓፍቲ እናዘርግሐ ኣንቢቢቲ ብዛዕባ ኣፍሪቃዊ ባህልን ክብርታትን ዘለዎም ኣፍልጦ ከም ዝምዕበል ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።

ኣቸብ ካብ ዘበርከቶን መጻሕፍቲ ንምጥቃስ፡ 'ቲንግስ ፎል ኣፓርት'፡ 'ኣሮው ኦፍ ጋድ'፡ 'ኦ ማን ኦፍ ዘ ፒፕል'፡ 'ኣንቲልስ ኦፍ ዘ ሳቫና'፡ 'ገርልስ ኣት ዋር' ገለ ካብ ዓበይቲ ልቢ ወለድ ስርሓቱ እዮም።

ኣቸቤ ካብ 1972 ንደሓር ንቑልዑ ዝኾኑ ዛንታታት ኣብ ምጽሓፍ ከም ዘተኮረን ብዙሓት መጽሓፍቲ ከም ዝጸሓፈን ይፍለጥ።

ብሞያኡ ብዝነበሮ ኣበርክቶ ብዙሕ ሽልማትን ኣህጉራዊ ተፈላጥነትን ክረክብ ክኢሉ እዩ። ኣብ መበል 82 ዓመት ዕድመኡ ከኣ ኣብ 2013 ዓሪፉ።

## ሓቅታት ብዛዕባ ልቢ




- ልቢ ኣብ ዓመት ኣስታት 37 ሚልዮን ግዜ ትሃርም። ኣብ ሓደ ደቒቕ ከኣ 70 ሳዕ ትሃርም ማለት እዩ።
- ልቢ ኣብ መንጎ ህርመት ኣብ ዘሎ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ ተዕርፍ። እዚ ተዕርፈሉ ግዜ እንተ ተደሚሩ ከኣ ናይ ሓደ 70 ዓመት ዝነበረ ሰብ ልቢ ኣስታት 40 ዓመት ተዕርፍ ማለት እዩ።
- ብሸምብቆታት ልቢ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዝጨንጎዕ ደም እንተ ዝምዘን 13 ቶን ወይ 13,640 ሊትሮ ይኸውን።
- ክብደት ልቢ ናይ ሓደ ወዲ ተባዕታይ 310 ግራም ክኸውን ከሎ፡ ናይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ድማ 260 ግራም እዩ።

## ትፈልጡ'ዶ

- ኣብ ዓለም ልዕሊ 22 ሽሕ ዓሳታት ከም ዘለው።
- ኤውሮጳውያን ኣብ 1200 ዓመተ ምህረት ተተኪስቲ ኣጽዋር ክሰርሑ ከም ዝጀመሩ።
- ቀዳሞት ሮማውያን ንፕላኔት ማርስ ኣምላኽ ኩናት ይብልዎ ከም ዝነበሩ።
- ኣብ ዓለምና ኣስታት 200 ዓሌታት ኣህባይ ከም ዘለው፡ መብዝሕትኦም ካብዚኦም ኣብ ትሮፒካዊ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃን ኤሲያን ከም ዝቕመጡ።
- ኣብ ርእሲ ከተማ ሩሲያ - ሞስኮ ጥራይ ልዕሊ 12 ሚልዮን ህዝቢ ከም ዝቕመጥ።
- ኣብ ዓለም ኣስታት 3000 ዝበጽሑ ዓሌታት ጣንጡ ከም ዘለው።
- ኣብ ግዜ ኦሎምፒክ፡ ካብ ርሑቕ ቦታ ናብ ስታድዩም ዝመጽእ ሸግ ብመራሒ ጀርመን ዝነበረ ኣዶልፍ ሂትለር ኣብ 1936 ኣብ ከተማ በርሊን ከም ዝተኣታተወ።
- እቲ ዓቢ ናይ ዓለምና ዝነበረ ሊቕ ኣልበርት ኣንስታይን ክሳብ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ዝኸውን ኣጸርዩ ክዛረብ ይኽእል ከም ዘይነበረ።
- ካውሎ ብ600 ዓመተ ምህረት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ቱርኪ ከም እተረኽበ።
- ሓደ ሰሶ ካብ ዕድመና ኣብ ድቃስ ከም ዝጠፍእ።
- ገለ ዓሌታት ኣትክልቲ መዚቃ ክሰምዑ ከለው ከም ዝወዛወዛ፡ ኣሓ'ውን መዚቃ ምስ ዝሰምዓ ብዙሕ ጸባ ከም ዝሕለባ።
- ንውርጪ ጨው እንተ ነስኒስካሉ ናብ በረድ ከም ዘይልወጥ።





## ዮውላህ

ካልኣይ መጸውዒ የውላህ፡ ኣል የላ ዝብል ኮይኑ፡ ባህላዊ ሳዕስዒት ናይቶም ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ዝነብሩ ኣዕራብ እዩ። እዚ ባህላዊ ሳዕስዒት ዝስዕስዕ ሰብ ድማ ያዊል ተባሂሉ ይጽዋዕ። የውላህ ኣብ ምማንን ቀጠርን ልሙድ ሳዕስዒት እዩ። ዝያዳ ድማ ኣብ መርዓታትን ጽንብላትን ይካየድ።

ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብጉጅለ ተፈላልዮም ብኸበሮን መዚቃን ተሰንዮም ሓቢሮም ይስዕስዑ። የውላህ ኣብ ዝኾነ ክልል ዕድመ ዘሎ ሰብ ማለት ህጻናትን ደቂ ኣንስትዮን ከይተረፉ ዝስዕስዕዎ ዓይነት ሳዕስዒት እዩ።

እዚ ሳዕስዒት 'ናይ ኩናት ሳዕስዒት' ተባሂሉ'ውን እዩ ዝፍለጥ፡ ምኽንያቱ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ሴፍ ወይ ካላሽን ምስ ጥይቱ ሒዞም እዩ ዝስዕስዑ ነይሮም። ስለዚ ድማ ዝኾነ ሰብ ክመልከን ናጻ ኮይኑ ክስዕሰዖን ዝኽእል ኣይነበረን። ሎሚ ግና ፈኮስ ክብደት ዘለዎ ካላሽን ሒዞም ስለዝስዕስዑ ካብቲ ዝነበሮ ቀሊል ዝበለ ኮይኑ ኣሎ። ህጻናት ግና ኣብ ክንዲ ካላሽን በትሪ ሒዞም እዮም ዝስዕስዑ።



መሓመድ ኣል ያተም መራሒ ጉጅለ ጥንዲ ኣብ ዱባይ እዩ "ቀደም የውላህ ክትስዕስዕ ከቢድ እዩ ነይሩ፣ ምኽንያቱ ግድን ጠያይቲ ዝመልአ ካላሽን ክትሰክም ትግደድ ስለዝነበርካ። ግና ሓቀኛ ብቐዓት ሰብኣይ ዝረኣየሉ እዩ፣ ምኽንያቱ ካላሽን ኢድካ ዘርጊሕካ ንቕድሚት ሒዝካ ከየንቀሳቐስካ ሒዝካያ ክትስዕስዕ ዝኾነ ሰብ ዘኽእሎ ነገር ስለዘይኮነ" ይብል።

ሳዕስዒት ክጅመር ከሎ ያዊል ወይ እቲ መራሒ ሳዕስዒት ዘሎ ሰብ ካላሽን ሒዙ ቀስ ኢሉ ንክቢ እናዞረ ክስዕስዕ ይጀምር። ኑታ ካላሽን ድማ ንላዕሊ ደሰንዱዋ እሞ ብብርኩ ተንበርኪኹ ይቕልባ።

ቀደም ደቂ ተባዕትዮ የውላህ ክስዕስዑ ከለዉ ብዚይ ዝኾነ ከበሮን መሳርሒ መዚቃን ኣብ ሓንቲ መስርዕ ተሰሪዖም 'ቻላህ' እናበሉ ጥራይ እዮም ዝደርፉ ነይሮም። ድምጾም ድማ ክሳብ ርሑቕ ክሰማዕ ይኽእል ነበረ።

ኣብ ሕዳር 2010፡ ካብ ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ዝተኣኻኸቡ 285 ተሳተፍቲ ሓቢሮም ኣብ ፉጃሪህ ዝተባህለ ቦታ የውላህ ብምስዕስዖም ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ጊነስ ክሰፍሩ ክኢሎም እዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ንጉስ ፉጃሪህ ዝኾነ ንምምራጽ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ሴፍ ሒዞም ናይ ምስዕሳዕ ውድድር ኣካይዶም። ኣብ ሕዳር 2014 ድማ የውላህ 'ኣል ኣይያላ' ብዝብል ስም፡ ኣብ ዝርዝር ባህላዊ ውርሻ ኣብ መዝገብ ዩኔስኮ ክሰፍር በቒዑ እዩ።

## ንክልተ ነጋውስ ዝተመርዓወት ንግስቲ

ኢማ ናይ ኖርማንዲ፡ ሓንቲ ካብቶም ኣብ 11 ዘመን ኣብ ኢንግላንድ ዝነበሩ ህቡባት ነገስታት እያ። ንሳ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ኣተልረድን ናትን ንዝተባህሉ ናይ ክልተ ሃገራት ነገስታት ክትምርያ ዝኸኣለት እያ። ካብኦም'ውን ሓሙሽተ ልኡላት ክትወልድ ክኢላ። ኢማ ኣዝያ ጸላዊት ሰብ ከም ዝነበረት እዩ ዝንገረላ። ብዛዕባኣ'ውን ብዙሕ እዩ ዝበሃል።

ኢማ ኣብ ከተማ ኖርማንዲ ናይ ፈረንሳ ኣብ 980 ዓመተ ምህረት እያ ተወሊዳ። ንጉስ ኖርማንዲ ዝነበረ ሓዋ ሪቻርድ ካልኣይ ከኣ ኑቲ ሃገሩ ምስ እንግሊዝ ዝነበራ ግጭት ንምህዳእ ኣብቲ ግዜ መራሒ እንግሊዝ ንዝነበረ ንጉስ ኣተልረድ ክትምርያ ለኣኻ። ካብኡ ድማ ሰለስተ ቆልዑ ወለደት። ድሕሪ ሞት ሰብኣያ ድማ ወዳ ኢድዋርድ መራሒ ኢንግላንድ ብምኳን ግዝኣቱ ክሳብ ደኒማርክ፡ ኖርወይን ባልቲክን ከም ዝስፋሕፍሐ ገበረ።

ድሕሪዚ ኢማ ነዊሕ ከይጸንሐት ምስ ንጉስ ናት ናይ ኖርማንዲ ብምምርዓው ክልተ ቆልዑ ወለደት። ኢማ ኣብ ግዜ ንግስነት ናት ኣዝያ ጸላዊት ሰብ ከም ዝነበረት እዩ ዝንገረላ። ንንጉስ ናት ድማ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቱ ምኽርታት ትህቦ ነበረት። ብዘይካ'ዚ ንጉስ ናት ብሓገዝ ኢማ ምስ ገለ ትካላት እንግሊዝ ጽቡቕ ዝምድና ክምስርት ክኢሉ ነበረ። ድሕሪ ሞት ንጉስ ናት ድማ ወዳ ንጉስ ኢንግላንድ ኮነ።

ኢማ ወላ ኣብ ግዝኡ ንክልተ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ነገስታት እንተ ተመርዓወት፡ እቶም ካብ ክልተ ነገስታት ዝወለደቶም ደቃ ግና ብሰንኪ ቀርቀስ ስልጣን ንሓድሕዶም ሴረ ከም ዘይነበሮም እዩ ዝግለጽ።

ፖለቲካዊ ጽልዋ ኢማ ክሳብ ሕጂ



ሓደ ካብቲ ኣብ ታሪኽ ብፍሉይ ዝዝከር እዩ፡ ምኽንያቱ ኑቲ ኣብ መንጎ ፈረንሳን እንግሊዝን ዝነበረ ዘይርጉእ ሃዋህው ቀርጺ ከተትሕዞ ዝኸኣለት ንግስቲ እናተባህለት እያ ትጽዋዕ።

## ንፍሽኽታ

ሓደ እዋን ሓደ ናይ ምግናን ኣመል ዝነበሮ ሰብኣይ፡ ንኣዕሩኽቱ ኣብ መንገዲ ሓደ ዓቢ ገበል ከም ዝረኸበ የዕልሎም ነበረ። ቁመቱ ከኣ ሚእቲ ሜትሮ ከም ዝበጽሕ ነገሮም። ዓርኩ ግና ይሕሱ ከም ዝነበረ ስለ ዝተረድኦ ኣብ ሰለፉ ቀንጠዎ። ወዮ ኣዘንታዊ፡ ጌጋኡ ተረዲኡ፡ ቁመት ናይቲ ገበል ናብ ሓምሳ ሜትሮ ኣጉደሎ። እቲ ዓርኩ ግና፡ ገና ስለ ዘይዓገበ እንደገና ቀንጠዎ። ቁመት ገበል ከኣ፡ ብተደጋጋሚ ምቕንጣው ቀስ ብቐስ ናብ ዕስራን ሓሙሽተን ናብ ዓሰርተ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብ ሓሙሽተ ሜትሮ ኣውረዶ። ኣብ መወዳእታ ግና፡ ወዮ መጋዚ ዓርኩ ምቕንጣው ከም ዘየቋርጽ ስለ ዝተረድኦ፡ "ዋእ ግደፈና! እሞ ጭሮራ የብሉን ክንብል ዲኻ ደሊኻና፣" በሎ ይበሃል።



# ፌስቲቫል ኤርትራ 2026 ኣስመራ

















ስእሊ.-ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቃድር
ኣብርሃም በየነ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ወግዓዊ መኽፈቲ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026

ሪፖርታዥ

ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፦ ኣባላት ጨንፈር ስእሊ

ሕላገት፡ መኣዲ ሰላምን ሓድነትን ኤርትራውያን ዝኾነ፡ ዓመት መጸአ ብሃገራዊ ኣወሃህዳ ሸማግለ በዓላት፡ ሰፊሕ ምድላዋት እናተገብረሉ ኽጋድያን ንምእንጋድ፡ በቲ ጥሉልን ምኡዝን ኩነታት ኣየር ተሰኒዩ ኣብ ወቕቲ ከረምቲ ዝፍደድ ፈስቲቫል ኤክስፖ፡ ሎሚ ዓመት ከምቲ ልሙድ፡ ንጸሕትን ነጋድያንን ንምእንጋድ ትማሊ ቀዳም 18 ሓምለ 2026 ብወግዓዊ መጋረጃኡ ጋሊሁ።

ኣብ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ተላሃይቲ ከሉን ብዘሪትና ብባህላዊ ኣልባሳት ወቃምተ፤ ያታውያን ጉጅለታት ባህሊ ሽዱሽተኣን ዞባታትን ትሻዖተ ብዘሪትናን ባህላዊ ስነጥበባዊ ማሰናድኦታት ሐዛም፤ ካብ ንግሆ ጀሚርም ብዓቢ ኣፍደገ ቀጽሪ ኤክስፖ ተኣኻኺቦምን ብኸልተ ጉደኒ ናይ'ቲ ገፊሕ ጽርግያ ቦታኦም ብምሓዙ በብቛንቛኦም፡ ያታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ብሃብቶን ጨፈራን ዝተሰነየ ኋይላ ተኸሎም ሃር እናበሉ ኣርፊዶም። ኣብ መኽፈቲ ናይቲ መደብ ንምስታፍ ዋሕዚ ኣጋይሽ እናቐጸለን ኋይላ ከለን ብዘሪትና እናዓመረን ትጸቢት ምምጻእ ክቡር ፕረዚደንት ቀጺሉ። ቁልዓ ሰበይቲ ዝርከቦ ኣብቲ ከቢ ዘርፈደ ኣሸሓት ህዝቢ ብግደኡ ኣካል ናይ'ቲ በየም ተላሃይቲ ዝቖርብ ዝነበረ ሕብራዊ ያታዊ ትልሂት ብምኻን ብሓገስ ኣብ ምልሃይ እንከሎ ድማ'ዩ፡ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ ንኽቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዘሰፈረት ማኪና ሁሩግ ዝበለት።

ላዕለዎት ሰበሰልጣን መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማስያታት፡ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ተላሃይቲ ትሻዖቲኣን ብዘሪትና ከምኡ ድማ ካብ ከለን ዞባታት ዝመጽአ ብኣሽሓት ዝቖጻር ህዝቢ ኣብ ዝተረኽበሉ ምዕሩግ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ በየም ንፍሲወከፍ ብዘሪትና ዘንጸባርቕ ሰፍ ጨበጦም ዲና ዝተኸደኑ ዋልታን ጭማራን በብዓይነቱ ባህላዊ ናወቲ ዝዓጠቑ ኣቦታትን መንእሰያትን ከምኡ ድማ ንእዚ ኮርኩሩ ብምእታው ንኣእምሮ ዘሕድስ ምኡዝ ቃና ዕልልታን ደሙቕ ጨብጨብን ኣደታትን ተዓጂቡ'ዩ ሪባን ናብ ዝተዳለወትሉ ቦታ ኣምሪሑ። ኣደኣታት ድማ በቲ ምኡዝ ዜማአን–

"ጽሓይ ናይ ንግሆ እዩ፤
ክጸበዮካ እንደየ ጸሓሕዩ ..." እናበላ ደረፋ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ሪባን ብምቕራጽ ንወግዓዊ ምኽፋት ፈስቲቫል ሎሚ ዓመት ኣበሰሩ። ኣብቲ ኢጋጥሚ ድማ ንኽቡር ብኽልተ ቈልዑ ዝተበርከተሉ ሕቑፍ ዕንባባ ድሕሪ ምቕባሉ፡ የማን ጸጋምን ናይቲ ሰፊሕ ጽርግያ ብዕልልታን ፋጻን ዝተሰነየ ምውቕ ሰላምታ ካብ ህዝቢ፡ ንሱ'ውን ብወኹ ኢዱ ብምውዛዋ ልባዊ ሰላምታኡ እናገለጸ'ዩ ብምትሕብባር ብመተካን ሓብሬታን ጉዕዝነን ሚኒስትሪ ምኽልኻልን ዜናን ናብ ዝተዳለወ ኣብ ውሽጡ ንተወራረሲ ታሪኽን ጅግንነትን ወለዶታት ኤርትራ ዝተፈላለዩ ሰዓት (መጽሔታትን ካልእን ጽሑፋትን ገድሊን) ቀደሚ ናጽነት በቲ ሓዲ ንምክልኻልን ምውሓስን ከምኡ ድማ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ድሕሪ ናጽነት ኣገሊሎም ዘርእዩ ቅብኣን ደረቕ ብርክት ዝበሉ ፍርያት ስእልታት ናብ ዝተዳለወሉ ቴንዳ ኣምሪሖም። ብኣወሃሃድቲ ናይቲ ምርኢት መብርሂ እናተዋህቦ ተዘዋዊሩ ተዓዚቡን ርእዮም ኣሳሊፉን።






ቀጺሉ ክቡር ፕረዚደንት፡ ብሃንቀውታ ክጸበዮ ንዝርፈደ ህዝቢ ሰላምታ እናለገሰ ዝተፈላለዩ ፍርያት ማለት ምርኢት ኤግዚቢሽን ምህዞን ሰንዓን ትካላት ፍርያተን ዘለልያሉ መድረኽ ባዙ፡ ዞባታት ንታሪኻዊ ድሕረ-ባይታኦን ባህርያውን ሰብ ዝሰርሖ ጸጋታተንን ካልእ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታተንን ዝሓቑፈ ኣዳራሻት ኤክስፖ ቀጽሪ ሓደ እዩ በጺሑ። ኣብቲ ናይ ኣዳራሽ ዑደቱ ፈላሚት ብቐጽሪት ምርኢት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ነይራ። ብዝምልከቶም ኣወሃሃድቲ ናይቲ ምመደብ ብዙሓ ጕምጕም ባሕርን ጸጋታቱን ታሪኻዊ ቦታታትን ቅርሲታትን ባህርያዊ ሃብቲ ናይ'ቲ ዞባን ካልእን ዝኣክል መብርሂ ድሕሪ ምርካቡ ማሳብ ጸጋታት ሃገር ናብ ዝኾነት ቁሸት ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቢሉ። ኣብኡ'ውን ንሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይቲ ዞባ - ንጸላት ሕርሻን ፍርያቱን ማሕበራዊ ኣገልግሎት (ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መጎዓዝያ፡ መራኸቢታት ቀረብ ማይን ...) ቱሪዝም፡ ባህልን ስፖርትን ታሪኻውያን ቅርስታት፡ ባህላዊ ወርሻታት ወዘተ ዝምልከት መብርሂ ሰሚዑን ተዓዚቡን። ኣብ ኣዳራሽ ጋሽ ባርካ እቲ ዞባ ብልክዕ ማዕከን ጺጋ ሃገር ምዃኑ ዘኩልሑ፡ ፍረታት መሮር ዘጠቓለለ በብዓይነቶም ወጽኢት ልምዓት ማሰና ዝኾኑ ኣሕምልቲን ፍረታትን ኣእካልን ናይ ቅብኣ ኣዝርእቲን ወዘተ ዝርከብዎም ፍርያት ንምርኢት ቀሪቦም ኣለው።



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዑደቱ ብምቕጻል ናብ ኣዳራሽ ምርኢት ዞባ ማእከል'ዩ ኣምሪሑ። ኣብኡ፣ ንምዕቃብን ምምዕባልን ባህርያዊ ሃብቲን ልምዓት ኣዝርእቲ፡ እንስሳን ዓሳን ህንጸት ከዘንቲ ማይ ዓቢይቲን ንኣሽቱን ዲጋታት፡ ልምዓት ማሰኖን ምስኡ ተተሓሒዙ ዝርአዩ ሕርሻ ዓሳን ጥዑም ማይ ከምኡ'ውን ሲሃማ ኣዝመራ ንኽትርክበን ጥንታውያን ህንጻታት ኣስመራ ካልእን ንጥፈታት ናይቲ ዞባ ተዘዋዊሩ ተዓዚቡን መግለጺ ድሕሪ ምስማዑን ናብቲ ኩሉ ዓይነት ወጽኢት ሕርሻ (ጸጠን ወጽኢት ጸጠን፡ ልምዓት ፍረታትን ኣሕምልቲን፡ ኣእካልን ወጽኢት ዝተማስርሑ ፍርያት ኣዝርእቲን ናይ ዘይቲ ኣዝርእቲን ቀመማትን ወዘተ ) ብዘራእቲን መደኻት ዝውዕሉ ኣብ ምጽናት ዝርከቡ ቈላሕታ ዘድልዮም ኣግራብን ዝርከብዎም ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ንሃብቲ ፍርያት መዓርን ንንጥፈታት ማእከል ስነ-ሓሽራ መንደፈራ፡ ስርዓት መምያ፡ በብዓይነቶም ኣእካል፡ ጥረታት፡ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ፡ ጹሓያዊ ጸዓት ዓረዛ - ማይደማ... ትኹረት ዝገበሩ ትሕዝቶ ዘለዎም መደብት መብርሂ እናተዋህቦ ተዘዋዊሩ ተዓዚቡ።

ክቡር ፕረዚደንት፡ ኻና ካብቲ ኣዳራሽ ከይወጸ፡ ናብ ኮርናዕ ምርኢት ዞባ ዓንሰባ ኣላጊሱ። ኣብኡ'ውን ካብ ናይ ካልኦት ዞባታት ከምዝማስል፡ ንዝተዋህቦ ብስእሊ ዝተሰነየ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምስማዑ ናብ ኣዳራሽ ዞባ ደቡብ ኣምሪሑ። ኣብዚ'ውን ንንጥፈታት ናይቲ ዞባ፡ ኣብ ከዘንቲ ማይ ዓቢይቲን ንኣሽቱን ዲጋታትን ራህያታንን፡ ኣግራብን እንስሳታት ዘጉዳምን፡ ሃብቲ እንስሳ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከተማን ገጠርን ሸፊኑ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ-ማይ፡ ምዕባለ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ንመዓል ኣገልግሎት ጥራትን ኮርፖራሽንን ዝተዓለወ ምርኢት ብምቕናዕ ብሰፊሑ ተዘዋዊሩ ተዓዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሰይያስ ቀጺሉ፣ ናብ ኣዳራሽ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ'ዩ ኣቕኒዑ። ብተመሳሳሊ ኣብኡ እውን ንሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ዕቑር ባህርያዊ ጸጋታት መሬትን ባሕርን፡ ጽላት ሕርሻ፣ ታሪኻውያን ቦታታትን ደሴታትን፤ ንርሒብ ዕድላት ወፍሪ ኣብቲ ዞባ እንታይ ዘይፍሉ፡ ኣብቲ ዞባ ንዝርከቡ ሰብ ዝሰርሖን ተፈጥሮኣዊን ጸጋታት ንኣብነት፡ ኣኻውሕን በዓቲታትን ጃኒ፡ ወሰት ሃጺይን ቐርጽትን ዘኩልሑ ብስእላዊ መግለጺ ተሰንዮም ዝቐረቡ መሰናድኦታት ተዓዚቡን መብርሂ ረኺቡን። ካልእ፡ ኣብ ኣዳራሽ ናይቲ ዞባ፡ ህያው ሩባ ዓንሰባ ማይ መሊኡ እናውሓዘ የማክ ጺጋሙ ድማ



ንዓይኒ ዝማርኽ ሰሚዑን ጠጠዑን ጠሚቲካ ዘይጽገብ ብዕምቈት ዝርአ ብዓቢ ሕብራዊ ስእሊ (ፖስተር) ተደጊፉ ቀሪቡ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ምዕቃብ ባህላዊ ወርሻ ናይዚ ዞባ ሓለፍቲ ኩሉ ምኽኑ ዘርኢ ትሕዝቶ ቀሪቡ ኣሎ።

ብድሕርዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብቲ ንኹሉ ገጽት ማሕበራዊ ህይወት፡ ዝትንክፍ ትሕዝቶ ዘለዎም ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ፡ ምህዞን ሰንዓን ኩሉ ዓይነት ኢደ ስርሓትን ወጽኢቱን፡ ቀሸት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ቱሪዝም፡ ጸዓት፡ ሕርሻን ካልእን ዝሓቑፈ ናብ ዝተዳለውሉ ኣዳራሽ'ዩ ኣምሪሑ። ኣብ'ዚ ኩሉ ዓይነት ፍርያት ጥበብ ዝሓቑፈ ኣዳራሽ ምርኢት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ቀሪቦም ዘለዉ ፍርያት ዝተኣንገደሉ ኣዳራሽ ምርኢት ከኣ ብፍላይ ዝያዳ ኣተኩሮ ሂቡ ተዓዚቡዎ። ኣብቲ ኢጋጥሚ ሓሳባት ብርክት ዝበሉ ፍርያቶም ሒዞም ቀሪቦም ዘለዉ ሞያውያን መሃዝቲን ሰናዕቲን ሓሳባቶም ሰሚዑ፤ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ'ውን እናተመኻኸረ ኣብ ደገፍ ምህዞን ሰንዓን ዝበርኖ ዑደቱ ዛዚሙ።

እቶም ኣብ ኣዳራሽ ምህዞን ሰንዓን ንምርኢት ቀሪቦም ዘለዉ በብዓይነቶም ፍርያት ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ዝፍ ኣበርክቶ ክገብሩ ዝኽእሉ ኮይኖም እዮም ተሰሪዖምን ተማሂዞምን ንምርኢቲ'ውን ቀሪቦም ዘለው። ገለ ካብኣቶም፡ ኣብ ዘቤታዊ ጸዓት ልዑል ግደ ዘለዎም ክኾኑ ከለው፡ ገለ ድማ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪ፡ ማይ፡ ጽሬት፡ ምግፋፍ ዓሳን ካልእን ግደ ክገብሩ ዝኽእሉ እዮም። እዚ ዝድርዕ ካብ ኣዳለውቲ ደምበ ምህዞን ሰንዓን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ሎሚ ዓመት፡ ብርክት ዝበሉ ሰናዕቲን መሃዝቲን ፍርያቶም ንምልሳይ ብኣካል ይሳተፉ ኣለው። እዚ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዜጋታት ዝዓለ ምህዞን ሰንዓን ብልዑል ውዓብ እንትተሰርሐሉ፣ ኣብ ቁጠባ ሃገር ልዑል ኣበርክቶ ከምዝገብር ዘዮማትእ እዩ።

መሸጣ መጻሕፍቲ፡ ዓመት መጸአ ኣብ ኣዳራሽ ኤክስፖ ካብ ዝቐርቡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ማሰናድኦታት ቅንያት ፈስቲቫል'ዩ። ንብዙሕ ሸነኻት ዓውዲ ስነፍልጠትን ቴክኖሎጂን ባህሊ፡ ታሪኽ፡ ማሕበርዩ፡ ስነልቦና፡ ስነልቦና፡ ኣካዳሚ፡ ምህንድስና፡ ቅርሲ፡ ጥዕናን ካልእን ትሕዝቶ ዘለዎም መበቈላውያንን ዝተረጎሙን ብዓይነትን ብዝሕን ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ ንመሸጣ ቀሪቦም ኣለው። በዚ ኢጋጥሚ ነጋዳይን ደቀም ሐዞም ብምኻድ፡ ንፍልጠት ደቆም ዝድርዕ ኣገደስቲ ዝበልዎም መጽሓፍቲ ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ኢና ንኣምን።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሰይያስ ኣብ ኩለን እተን ናይ ምርኢት ቁሸታት፡ ንኽብሩ ዝተፈላለዩ ህያብ እናተበርከተሉ እዩ ዑደት ኣቋዲዱ። ድሕሪ ኣዳራሽ ምርኢት መጽሓፍቲ፡ ብኣሽሓት ህዝቢ ተዓጂቡ ወትሩ ዓመት መጸአ ዘይተረፍን ቀንዲ ሕመረት ኤክስፖ ቅንያት ፈስቲቫል ድማ ናብ ዝኾነን ያታውን ባህላውን ምርኢት ብዘሪትና ዝቐርበሉ ሰፊሕ ቅርዓት ደቡብ ወገን ኤክስፖ'ዩ ኣቕኒዑ። ኣብ ከምዚ ኢጋጥሚ ነፍሲወከፍ ብሄር፡ ባህላውን ያታውን ኣነባብራኣን እንታይ ከምዝመስል ዘንጸባርቕን እትልለየሉን ትልሂት ሒዛ'ያ ቀሪባ ዘላ። ምርኢት ያታዊ ትልሂት፡ ሓደ ካብ ተበጻሒቲ ማሰናድኦታት መደብት ኤክስፖ ቅንያት ፈስቲቫል ከም ምዃኑ መጠን ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሰይያስ ንዘተወሰነ ግዜ እናተዘዋወረ ምስ ተላሃይቲ ድሕሪ ምዝናይ፡ ኣብ መውዳእታ፡ ኣብቲ ንኽብሩን ካልኦት ሰበ-ስልጣንን ኣጋይሽን ኣብ ህድሞ ዞባ ማእከል ናብ ዝተዳለወ ናይ ቁርሲ እንግዶት ብምምራሕ ኣዕሪፉ። በዚ ድማ፡ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቐ ዝጀመረ ስነስርዓት ምኽፋት ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤክስፖ ሎሚ ዓመት 11፡00 ብሰላም ተዛዚሙ።

ሃገራዊ ፈስቲቫላትና፡ ህዝቢ ንባህሉ፡ መንነቱ፡ ክብረታቱ፡ ጉዕዞ ሓርነታውን ልምዓትን ዘንጸባርቐሉ ምልክት ምንጪ ማዕከን ኩለንትናኡ'ዩ። ሎሚ ዓመት፡ ኣብዚ ንዓ መዓልቲ ዝቐጽል ፈስቲቫል፡ ብዙሕ መደባት ክእንገድ እዩ። ገለ ካብኡ፡ ምርኢት ዞባታት፡ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን ያታዊ መኣርሒታት መዚቃ፡ ያታዊ ኣባይቲን መኣብሮን ኣፋዊ ያታ፡ ስነጥበባዊ ምርኢት ጉጅለታት ባህሊ (መንእሰያት፡ ዓቢይቲ፡ ዘመናዊ ትልሂት፡ ምዘንጋዕ ቈልዑን ህጻናትን)፡ ኮርናዕ ድራማ፡ ሞኖሎግን ስታንድኣፕ ኮሜድን ኩርናዕ ገጠምቲ፡ ኩርናዕ ገጠምቲ፡ ባዛር መሸጣ ዝተፈላለዩ ኣቕሑ፡ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ፡ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ስነጥበባዊ ስርሓትን ስፖርታዊ ትልሂት፡ ሰሚናራትን ስነጽሑፋትን ምርኢት ኣብ ሃገር ዝፈርዩ ፊልምታትን መጻናዕታዊ ጽሑፋት ብዙሕ ፊልምታትን ወዘተ ኣካል ናይቲ ቅንያት ኮይኖም ክቐርቡ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ዚ ቅንያት ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ብዝተፈላለያ ጉጅለታት ባህሊ ደሙቕ ኋይላን ትልሂትን ምስማዕ ካብቲ ልሙድ መደባት'ዩ።

እዚ ንሓድነትን ሰላምን ኤርትራውያን ዘጉልሕ ፈስቲቫል እዚ፡ በዞም ክብ ኢሎም ዝተጠቕሱን ካልኦት ብርክት ዝበሉ መደባትን ማዕርጉን ብጋድያን ማሚቑን ክሳብ 26 ሓምለ 2026 ተኸፊቱ ክቕጽል እዩ። ሰናይ ቅንያት ፈስቲቫል!





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኹ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: Mechanical Field Specialist

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Process Plant-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Lead maintenance in the field concentrating on quality of work order instructions, ensure field inspections are correctly performed and issues / follow up work identified and captured by the planning system for scheduling. Ensure that repairs carried out are correctly performed to a high standard of workmanship. Participate in fault finding as necessary. Lead/ mentor and train national supervisory staff and artisans to ensure an effective workforce delivering a reliable process plant with high Mean Time Between Failures and reasonable Time to Repair. Ensure approved shut down plans are adhered too.

**Essential Functions**

- Ensures effective, accurate daily inspections that capture emerging issues and follow up work.
- Assist in prioritizing daily work with the main considerations being safety and disruptions to production.
- Ensure work is completed timeously and correctly to a high standard of workmanship.
- Assist with fault finding and diagnosis of problems and implement long term solutions
- Perform workshop and field competency training, identify skills gaps and suggest appropriate training.
- Assists with evaluation of national staff to validate skills for training progression.
- Participate in daily, weekly and shutdown scheduling.
- Ensure shutdown schedules are followed ensuring staff are efficient and perform accurate, high-quality work.
- Be a safety leader and ensure Field Level Risk Assessments, Team Based Risk Assessments are Accurately filled in before work commences.
- Develop SOPs for repetitive work.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Be part of the team that forecasts and plans mechanical maintenance activities.
- Makes use of "Planned Maintenance Schedule". (Planned Task Document Observation).
- Tracks the use of maintenance and repair parts and orders accordingly.
- Must be able to interpret mechanical and structural drawings for plant improvements and upgrades.
- Uses reliability cantered maintenance strategy to ensure availability of equipment
- Participative in RCA workshops to identify recurring issues and find long term solutions.
- Develop ideas/plans to improve production capacity and reliability, follow MOC procedure
- Implement a reliability cantered maintenance strategy to ensure availability of equipment.

**Implementation of the Plan**

- Prioritize and manage daily, weekly, monthly, yearly maintenance schedule
- Ensures maintenance and repairs of Maintenance Equipment are carried out in an efficient and effective way to minimise downtime through rework
- Performs regular equipment inspections to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are utilized, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.

**Writing Reports & Data Control**

- Compile daily; monthly performance reports for the department.
- Must be able to use MS projects where project plans are required to achieve goals(deadlines)
- Ensure all repairs, PM and services provided are documented properly in the CMMS
- Able to forecast an OPEX budget and write a formal CAPEX request to management.

**Supervise/Manage team**

- Provide technical support/motivation for the team, by supervising various activities.
- Provide training for the team (especially safety standards and procedures);
- Conducts daily "Tool Box" meetings with the team.
- Manages time and attendance.
- Be able to apply skills and transfer knowledge to team members
- Ensure proper housekeeping in shop, stores and at worksites.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit
- Candidate must be Mechanically Qualified
- Prior Ball Mill, SAG Mill experience with regards to maintenance and hydraulic fault finding and repairs
- Primary crusher experiences inclusive of conveyors repair and maintenance
- Proven expertise in diagnosing and repairing complex mechanical systems.
- Strong knowledge of hydraulic, pneumatic and mechanical system.
- Ability to read and interpret technical drawings and specifications.
- Experience with plant maintenance and shutdown
- Must be able to work outside exposed to heat, wind and dusty environments
- Must be able to work at Heights
- Must have a Light vehicle license.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Mechanical Degree/ Diploma<br>• International recognised trade certificate: Mechanical Fitter/ Fitter & Turner. | • 10+ years relevant experience in heavy engineering and mining environments.<br>• Experience on a verity of mineral process equipment from a range of Manufacturers. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>• Report writing and budgetary skills<br>• Mechanical & Maintenance experience<br>• Problem solving skill<br>• Supervisory experience<br>• Pumping system knowledge and rebuild experience<br>• Reliability, CBM & Planning (MS Projects). | • Communication (English)<br>• Assertiveness<br>• Interpersonal, Relations & Self-motivated<br>• Integrity Analytical skill<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy and Attention to detail |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**


**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

1ይ ክፋል

ኣብ ዝተፈላለየ ጽሑፋትን ትረኻን መብዛሕትኡ ንጅግንነትን ተወፋይነትን ተጋዳላይ፡ በቲ ኣብ ቅድመ ግንባር ዝግበር ዓውደ ኲናት ዝዕብለልን ዚያዳ ናብ ውግእን መውጋእትን ተወፋይነትን ማስዋእትን ዝገልጽ እዩ። እንተኾነ ኣብ ዘመነ ገድሊ ኣብ ድሕሪት ማለት ኣብ ደጀን ብዙሕ ንጥፈታት'ዩ ዝካየድ ነይሩ። ደጀን እንታይ እዩ፧ ተራኡ ኣብ ሰውራናኸ እንታይ ይመስል ነይሩ፧ ካብ ዝተፈላለየ መጽሓፍቲ እናተወከስናን ብዛዕባ ደጀን ኣፍልጦ ዘለዎም ሰባት እናሓተትናን ኣብ ዓምዲ ካብ ታሪኽ ሰውራና ዝተፈላለየ ጽሑፍ ክቐርብ ጸኒሑን ኣሎን። መቐጸልታኡ ይስዕብ። ፈለማ ደጀን እንታይ ምኳኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ግንባር ክንብል ከለና ንሓይልታት፡ ቦጦሎኒታት፡ ብርጌዳትን ክፍለ ሰራዊታትን ዘጠቓልል እዩ። ኣብ ደጀን ድማ ብሓፈሻ ክፍልታት ንብል። እዚ ኣተን ኣብ እዋን ሰውራ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ቈይመን ዝነበራ 11 ክፍልታት፡ ነፍሲ ወከፈን ኣተን ዕማምን ተራን ኣብ ምምጻእ ናጽነት ነይሩወን። ኣተን ክፍልታት ምናልባት በቡሓደ ክንርእየን ንኽእል ኢና። ቅድሚ ተራ ናይ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ወይ ኣሃዱ ምርኣይ ግን ብኣጠቓላሊ ደጀን እንታይ ምኳኑ ምስኡ ምልላይ ኣገዳሲ'ዩ።

ደጀን ክበሃል ከሎ፡ ንኹሉ ዓይነት ሰውራዊ ንጥፈታት ማእከልን መበገስን ዝኾነው፡ ጸላኢ ብቐሊሉ ዘይበጽሖን ዘየዕነዎን ጽኑዕ ዕርዲ ማለት እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ደጀን፡ ኣቲ ሰውራ ዘካይድ ዘሎ ሓይሊ፡ ጸጋታቱን መኽሰቡቱን ብዝዮዮእ ክዕቅብን ኣንጻር ጸላኢ ብኣድማዕነት ክጥቀመሉን የኽእሎ።

ኣብ ፈለማ 70ታት እተዶም በብወገኖም ካብ ተ.ሓ.ኤ ተፈልዮም ዝተኣኻኸቡ ተጋደልቲ (ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታትን ዕብልን) ካብ መጥቃዕቲታት ተ.ሓ.ኤን ሰራዊት ኢትዮጵያን ንምክልኻል ዝመረጽዎ ቦታ፡ ኣኽሪናት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ነበረ። እዞም ንህዝባዊ ሓይልታት ዘቖሙ ሰለስተ ጕጅለታት፡ መስርሕ ወህደት ንምስላጥ ካብ 16-28 ጥቅምቲ 1972 ኣብ ኸትብ ዘካየዶዎ ኣኼባ ዝተሰማምዑሉ ብዙሕ ጉዳያት ነበረ። ኣብቲ ናይ ሽዑ ስምምዕ ሰነድ፡ ኣብ ትሕቲ 'ወተሃደራዊ መዳይ' ዝብል ኣርእስቲ፡ ከምዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ሰፊሩ ይርከብ።

'ወተሃደራዊ ስርሓትና፡ ኣብ ዝተናውሐ ኲናት በብቑሩብ መሬት ሓራ ምውጻእ ኣብ ዝብል ስትራተጂ ዝምስረት ኮይኑ፡ ንግዜኡ እቲ ምስ ናይ ምንባርና ሕቶ ዝሰማማዕን ዝጥዕምን፡ ምስ ግዜ ክስፋሕፋሓሉ እንኽእል ቦታ ሰሜናዊ ሳሕል እዩ።

በዚ ኣመላኻኽታ'ዚ እዩ እምበኣር፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ካብ 1973-74 ጀሚሩ፧ መሰረት ናይቲ ደሓር ንሰፊሕ ክፋል ሰሜናዊ ሳሕል ዘጠቓለለ ዓቢ ሰውራዊ ደጀን ዝኾነት ንኢሰ ደጀን ኣብ ብሌቓት ዝተመስረተ። ኣብቲ ቦታ'ቲ ኮይኑ ድማ፡ እቲ ዝዓኮኸ ዝነበረ ውድብ፡ ንተጋደልቱ ኣብ ሓደ ፖለቲካውን ስነ-ሓሳባውን ኣረኣእያ ዘምጽእ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ መሃይምነት ናይ ምጥፋእ መደባትን ወተሃደራዊ ስልጠናታትን ክሀብ ጀመረ።

ስትራተጂ፡ 'ዝተናውሐ ኲናት' ህዝባዊ ግንባር ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን መዳያት ዝሓቍፍ እዩ። እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ፡ ንሓፋሽ ህዝቢ እናንቃሕካ እናወደብካ እናኣዕጠቕካን ሰውራኡ ንኸዕወት ኣብ ዘኽእሎ ዝለዓለ ደረጃ ሱታፌን ጥምረትን ከም ዝበጽሕ ምግባር፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ፡ ብደባይን ተንቀሳቓሲን ስልቲ ኲናት ጀሚርካ፡ ደረጃ ብደረጃ ናይ ተኸሰ. ጉልበትን ቴክኖሎጂን ምዕባይ፡ ኣብ ቍጠባዊ መዳይ ድማ፡ ምስ ምዕባለ ናይቲ ሰውራ ዝኸይድ ሎጂስቲካውን ምምሕዳራውን ብቕዓት ምጥራይ ማለት ኮይኑ፡ በዚ መዳይ'ዚ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ



ፋብሪካ ሽዳ ኣብ ደጀን ሳሕል

ጸብለልታ ተገናጺፍካ ኣብ መወዳእታ ጸላኢኻ ምስዓርን መሰረታት ናይቲ ክተሃንጾ እትሓልን ስርዓት ምንጻፍን ማለት እዩ።

በዚ ኣመለኻኽታ'ዚ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ክሳብ 1974 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ብውሑዱ ኣብ ዕማማት ዜናን ምንቕቓሕን፡ ሕክምና፡ ስንቂ፡ ወተሃደራዊ ታዕሊምን ዕቃብ ብረትን ዝጥኑ ክፍልታት ኣብ ደጀኑ ሰሜናዊ ሳሕል ከቕውም ከኣለ። መድረኽ 1975-76 ድማ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ጽኑዕ ደጀን ፈጢሩ ጽልዋኡ ኣብ ሰፊሕ ገጠራት ክስፋሕፍሕ ዝጀመረሉ ካልኣይ መድረኽ ናይቲ ዝተናውሐ ህዝባዊ ቃልሲ ነበረ።

ድሕሪ ቀዳማይ ወድባዊ ጉባኤ ዝነበረ መድረኽ 1977-1978 ከተማታት ሓራ ናይ ምውጻእ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብናህሪ ዝቐጸለሉ፧ ሰፊሕ ገጠራትን ዝበዝሓ ከተማታትን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ሰውራ ኤርትራ ኣትየን ናብ ኣፍ-ደገ ምሉእ ሓርነት ዝንምዓም መድረኽ ዝተበጽሓሉ ነይሩ። የግዳስ ኣብ መፋርቕ 1978 ብምኽንያት ግዙፍ ምትእትታው ሕብረት-ሶቭየት፡ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ. ሰውራ ኤርትራ ናብ ስርዓት ደርግ ስለ ዝዘንበለ፡ ሰውራ ኤርትራ ካብቲ በጺሑዎ ዝነበረ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ክዘልቕ ተገደደ።

በዚ ድማ ተ.ሓ.ኤ ናብ ባርካ (1979-1981)፡ ህ.ግ. ድማ ናብቲ ደጀኑ ዝኾነ ሰሜናዊ ሳሕልን ናቕፋን ተመልሰ፧። እዚ ምዕባለታት'ዚ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ 'ዝተናውሐ ህዝባዊ ኲናት' ዝብል ስትራተጂኡ ዚያዳ ጸቒጡ ቃልሱ ክቕጽል ዝደረኸ ነበረ። ድሕሪ ምዝላቕ ህ.ግ. ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ መስሪቱዎ ዝነበረ ትካላት ናብ ሳሕል ስለ ዘግዓዘ፡ ከምኡ'ውን ብዙሕ ሰላማዊ ህዝቢ. ምስቲ ሰራዊት ናብ ሳሕል ስለ ዝኣተወ፡ ሰውራዊ ደጀን ሳሕል ካብቲ ዝነበሮ ክሰፍሕ ግድን ኮነ።

ኣብቲ ዳሕረዋይ መድረኽ ናይ ቃልሲ፧ ደጀን ህ.ግ. ኣብ ሳሕል ከይተሓጽረ፡ ጨናፍሩ ክሳብ ሓልሓል፡ ባርካን ድሕሪ መስመርን ይዝርጋሕ ነበረ። ኣራግ፡ ዓምበርበብ፡ ህምቦል፡ ዓሬርብን ድማ፡ ማእከል ናይዚ ሰፊሕ



ስንቂ ተጋዳላይ ዘመላልሳ ዝነበራ መካይን

ደጀን ነበሩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን'ውን ተተኺሉ ነይሩ። ድሕሪ መስመር ጸላኢ ደባይን ተንቀሳቓሲን ውግኣትን ካልእ ዕማማትን ዘካይዳ ኣሃዱታት፡ ኣብ ከም ጸሮና፡ ሰሜናዊ ባሕሪ ፎሮን ጠለብተን ብቐረባ ዝማልእ ስልታዊ ደጀን ነበረን። ዕላማ ናይዚ ድሕሪ መስመር ዝቖመ ስልታዊ ደጀናት፡ ህዝባዊ ስልጣናት ምድልዳል፡ ህዝቢ ብበማሕበራዊ ጕጅለኡ ምውዳብን ሱታፌኡ ኣብ ሰውራ ምዕዛዝን፡ ህዝባዊ ምልሻ ብምምስራት ደረጃ ብደረጃ ናብ ዞባዊ ሰራዊት ከም ዝዕቢ ምግባር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ዝጥፍ ሰራዊትን ህዝብን ሎጂስቲካዊ ቀረብት ምርግጋጽን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ምሃብን ነበረ።


መወከሲ፡ ዘይተኣማረ ገድሊ



ኣባላት ድምጺ ሓፋሽ ኣብ ስራሕ

## ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ፡ ተጋዳላይ ከምዝአን ኣብ ስእሊ እንርእዮን ዘለና ኣደታት ብሞገይን መግብን ኣብ ጎድኑ እንተ ዘይትና፡ ኣጆኻ ኢለን ሞራል እንተ ዘይህብኦ እንታይ ምኾነ ነይሩ፧ ሳላ ኣደታት ኤርትራ ኣብ ጎድኒ ሰውራአን ዝተሰለፋ ድማ፡ ዓወትና ተረጋገጸ፥። እዛ እንዕዘብ ዘለና ስእሊ፡ ህያው ምስክረን ኢያ። እታ ስእሊ ኣብ ከበሳ ድያ ቆላ ኑቲ ከባቢ ርኢኹም ባዕልኹም ገምቱዋ።



## ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ምስ ኩሉ ዞባታት ዝዳወብ ዞባ ኤርትራ ጥቐሱ፧
2. እተን ዝጠዙሓ ብደረጃ ከተማ ዝሰረዓ ከተማታት ዘለዎ ዞባ ኣየናይ ዞባ እዩ፧
3. ናደው እንተ ኢልና ግንባር ናቕፋ ንብል፡ መንጥር እንተ ኢልናኸ፧
4. 16 ሰ 1968 ኣኼባ ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ዝተገብረላ ቦታ ጥቐሱ፧ (ምርጫ ኣለኩም)
ሀ/ ኬሩ ለ/ ኩር ሐ/ዓረዳይብ መ/ ፎርቶ
5. እቲ ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክሳብ ባርካ ዝዝርጋሕ ፋልማይ ዝነውሐ ዝተኣሳሰረ ግንባር ዝተማስረተሉ ወራር፧
ሀ/ ሻድሻይ ወራር ለ/ ሻብዓይ ወራር ሐ/ ሻምናይ ወራር
6. ካብ ዞባ ዓንሰባ ናብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝተሰጋገራ ንኡሳን ዞባታት ጥቐሱ፧ (ምርጫ ኣለኩም)
ሀ/ሰልዓ፡ ከርከበት ለ/ ከርከበት፡ ደጎ ሐ/ ደጎ፡ ሰልዓ መ/ከርከበት፡ ሰልዓ፡ ደጎ
7. ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ካብ ዘዘንቱዋ መጽሓፍቲ 4 ጥቐሱ፧
8. ብጠቕላላ ናይቲ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ክፍልታት ክንደይ ነይሩ፧
ሀ/11 ለ/12 ሐ/13 መ/14

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ሄኖክ፡ ንራብዓይ ተኸታታሊ ዓመት ወናኒ ቀጠልያ ማልያ ኰይኑ

ኽሞንተ መድረኻት ክሳሰል ዝጸንሐ ዙር ማኸፈሰንት ቺንግሃይ፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና ሄኖክ ምልእብርሃን ኑታ ዓርቢ ዝመንጠሎ ቀጠልያ ማልያ ብምውናን ተዛዚሙ።



ትማሊ ዝተሰላሰለት ሻምናይቲ መድረኽ ዙር ማኸፈሰንት ቺንግሃይ 146 ኪሎ ሜተር እያ ሸፊና። ኣብ መድረኽ ኣሪ ሌቶ ብ3፡04፡36 ክዕወተላ ኸሎ፡ ሄኖክ ምልእብርሃን ድማ፡ ሻድሻይ ደረጃ ብምሓዝ ውድድሩ ዛዚሙ። ሄኖክ፡ ቀጠልያ ማልያ ንምውናን ኣብ ዞባር ዝነበረ ቅልስ ኑቲ ሒዝዋ ዝቖጸ ጆናታን ካዩሴዶ በለጹ፡ ናብዚ ዛዞሚት መድረኽ ለቢሰዋ ኣትዩ። በዚ ኣብ መዛዘሚ መድረኽ ዘመዝገቦ ወጽኢት ከኣ፡ ነጥቡ ናብ 63 ክብ ብምባል፡ ቀጠልያ ማልያ ናቱ ምዃና ኣማሲኒሩ። ሄኖክ፡ ኣብ ብዮሚ ማልያ፡ 15 ካልኢት ድሒሩ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ዛዚሙ። ብዘይካዚ ኣብ ናይ ዓቕበውን 16 ነጥቢ ብምውህላል ካብ ቀዳማይ ብክልተ ነጥቢ ድሒሩ ሳልሳይ ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ።


ሄኖክ ምልእብርሃን ምስሊ እዚ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ኣብ ኣህጉር ኤሲያ ዝቶዩ ውድድራት'ዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኩነን። እዚ ውድድር ኣብ 2023 ከምኡ'ውን ኣብ 2025 ብምዕዋት፡ እቲ ዝበዝሐ ዝተዓወተሉ'ዩ። ካብ 2023 ኣትሒዙ ዕውት ቀጠልያ ማልያ ብምዃኑ፡ ንኣርባዕተ ዓመት ኣኪታተሉ'ውን ተዓዊትሉ።

## ኣብ ኩዕሶ እግሪ፡ ብጫን ቀይሕን ካርድ ክተኣታቶ ዝደረኸ ስፖርተኛ ዓሪፉ

ኣብ ዋንጫ ዓለም 1986 ብዝሰጸሞ ተግባር፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ብጫን ቀይሕን ካርድ ንክተኣታቶ ምኽንያት ዝኾነ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ነበር ኣንቶኛ ራቲን ኣብ 89 ዓመቱ ዓሪፉ።

ብሓያል ናይ ምዕጋት ጥበቡን ብኣካላዊ ቀመናኡን ዝልለ ራቲን ምስ ቦካ ጁኒየርስ ብምዃን ሽዱሽተ ዋናጩ ሊግ ኣርጀንቲና ከልዕል ዝኸኣለ'ዩ። ን14 ዓመት ኩዕሶ እግሪ ዝተጻወተ ራቲን ንኣርጀንቲና ወኪሉ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1962 ከምኡ'ውን 1966 ተሳቲፉ። በቲ ናይ 1966 ተግባሩ ከኣ፡ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ዘይርሳዕ ተጻዋታይ ኰይኑ ይነብር ኣሎ።

ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 1966 እዩ። ኣብ ስታድዩም ዌምብለይ ኣርጀንቲና ኣንጻር እንግሊዝ ትገጥም ነበረት። ኣብ መበል 36 ደቒቕ ራቲን በደል ፈጺሙ። ጀርመናዊ ዳኛ ከኣ፡ ብቓሉ ካብ ሜዳ ክወጽእ ሓቢሩ። ኣብቲ ግዜ ዳኛ ብቓል'ዩ ውሳነ ዝህብ ነይሩ። ክልተኦም ብቋንቋ ክረዳድኡ ስለ ዘይከኣሉ ደቓይቕ ዝወሰደ ዕግርግር ኣብ ሜዳ ተፈጢሩ። ራቲን ኣብ ኮርናዕ ንዝነበረት ንባንዴራ እንግሊዝ


ብ1966 ኣብ መንጎ ዳኛን ራቲን ዝነበረ ክርክር

እትውክል ጨርቂ ጨፍሊቓ። በዚ ከይተሓጸረ ኣብቲ ንንግስቲ ኤልሳቤጥ ካልኣይቲ ዝተሓዝአ ቀይሕ ምንጻፍ ኮፍ በሉ። ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ደገፍቲ ምሒር ተቘጢዖም። ናብኡ ድማ ዝተፈላለየ ነገራት ደርቢዮም።

ብኸምዚ ዝኣመሰለ ዘደናግር ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሜዳ ዝፍጠር ዕግርግር ክዓቢ ጀመረ። ሓላፍቲ ዳኛት ፊፋ ከኣ፡ ንኸሉ ዘሰማምዕ ኣድማዒ ናይ መጠንቀቕታን ማሰጎጎን ክተኣታትው ወሰኑ። ኣብቲ ግዜ ሓላፊ ኮሚተ ዳኛት ፊፋ ዝነበረ ኬንዝ ጆርጅ ኣስቶን ድማ፡ ካብ መብራህቲ ትራፊክ ብምብጋስ እዘን ክልተ ሕጂ ኣብ ጥቕሚ ወዒለን ዘለዋ ካርድ ክተኣታትዋ ወሰኑ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 1970 ከኣ፡ እቲ ውሳነ ተተግቢሩ።

እዚ ኣብ ማሰመር ምክፍፋል ዝጻወት ዝነበረ ራቲን፡ ሓለቓ ጋንታ ኣርጀንቲና ኰይኑ ኣብ ክልተ ዋንጫ ዓለም ተሳቲፉ'ዩ። ዋላ'ኳ ብጫን ቀይሕን ካርድ ክተኣታተው ደራኺ እንተ ኾነ፡ ንሱ ግን ተቐሪብዎ ኣይፈልጥን'ዩ - ከይተኣታተወ ኸሎ ጸወታ ስለ ዘቋረጸ።

ኣንቶኛ ራቲን ብ11 ሓምለ 2026 እዩ ኣብ ቦነስ ኣይረስ ኣርጀንቲና ዓሪፉ።

## ዜና ብሓጺሩ

• ትራምፕ ካብ ፖለቲካ ናብ ኩዕሶ እግሪ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ኣሰልጣኒ እንግሊዝ ታክቲካዊ ነቐፌታ ሂቡ። ትራምፕ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ ፕረዚደንት ፊፋ ዘሰምዖ ርእይቶ፡ "እንግሊዝ ምሳይ ጎልፍ ዝጻወት ብሉጽ ተጻዋታይ ኣለዉም። ትፈልጥዎ ኢኹም ሃሪ ኬን'ዩ። ኣይናቕ'ዩ። ከም ዝመስለኒ ንእኡ ኣብ ማስመር ምክልኻል ክጻወት ምግባርም ጌጋ ፈጺሞም እዮም። ምኽንያቱ ኣነ ብዛዕባ ኩዕሶ ኸ እንታይ ይፈልጥ" ብምባል ኑቲ እንግሊዝ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ዝተኸተሉዎ ጥበብ ነቒፉ። እንግሊዝ 1-0 መሪሓ እንከላ ክትከላኸል ብምምራጻ ብኣርጀንቲና 2-1 ተረቲዓ።

• **ኣስቶን ቪላ፡ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ንማዝቢ ወረናቶ**

ቪላ፡ ንኣካፋሊ ጆሃን ማዝምቢ ክበረ ወሰን ናይታ ክለብ ብዝተመዛረረያ ዋጋ ካብ ፍሪብርግ ኣፈሪሙቶ። ኣስቶን ቪላ፡ ነዚ ሰዊዘርላንዳዊ ተጻዋታይ 50 ሚልዮን ፓውንድ ብምኽፋል'ያ ናብ ቪላ ፓርክ ኣምጺኣቶ። ኣስቶን ቪላ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ንኣማዱ ኦናና 50 ሚልዮን ፓውንድ ከፊላ ካብ ኤቨርቶን ዘፈረመትሉ ዋጋ፡ ናይታ ክለብ ዝለዓለ ኰይኑ ጸኒሑ። ማዝምቢ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኒውካስልን ፍሪብርግን ብዝበጽሐኦ ስምምዕ ናብ ኒውካስል ክጽንበር ተቓሪቡ ጸኒሑ። ይኹን እምበር፡ ቪላ ኣብ መንጎ ኣትያ ሓሳቡ ከም ዝቕይር ገይራቶ። ወዲ 20 ዓመት ማዝምቢ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ሰለስተ ሸቶታት ብምቝጻር ስሙ ክኸልዕ ክኢሉ'ዩ።

• **ዩናይትድ፡ ሳልሳይ ኣከፋፋሊ ክትወስኽ**

ማንቸስተር ዩናይትድ ከም ኣካል ማስመር ምክፍፋላ ንምድልዳል ትጉዕሮ ዘላ ጻዕሪ ንኣካፋፋሊ ፋልሃም ሳንደር በርገ ንምፍራማ ተበጊሶ ጀሚራ። ዩናይትድ፡ ኣንድሪይ ሳንቶስን የሪ ቴለማኽስን ብምፍራም፡ ማስመር ምክፍፋላ ንምሕያል ዘለዋ ድልውነት ኣርኢያ እያ።

ወሃንቲ እዛ ክለብ፡ ዋጋን ተኽእሎታትን ኣብ ግምት ብምእታው ነዚ ኖርወያዊ ተጻዋታይ ከም ዝሓሸ ኣማራጺ ጠሚቶሞ ዘለው። ማን.ዩናይትድ ንናይ ሮማ ማኑ ኮነ እውን ኣብ ራዳራ ደእታያቶ ከም ዘላ ዝፍለጥ'ዩ። ማንቸስተር ዩናይትድ ንሳንደር በርገ 40 ሚልዮን ፓውንድ እያ መዲባትሉ ዘላ።

• **ኤልያ ኣፕሮን ናብ ኣርሰናል ክቅንዕ**

ወዲ 18 ዓመት ናይ ማእከል ተኸላኻላይ ኤልያ ኣፕሮን፡ ምስ ቶተንሃም ዘለዎ ውዕል ምንዋሕ ብምሕንጋዱ ብጻ ናብ ኣርሰናል ክጽንበር ተሰማሚዑ። ምስ ኣርሰናል ዝበጽሖ ውዕል ብወግዒ ምስ ተገልጸ ድማ፡ ኣካል እቲ ናይ ሚከል ኣርቴታ ናይ ዊሒ መደብ ክኸውን'ዩ። ኣፕሮን፡ ቶተንሃም ማስመር ምክልኻላ ንምድልዳል ንምርካስ ሰሰ፡ ኻን ሀከ ብምፍራማ'ዩ ጋንታ ክቕይር ወሲኑ። ምርጫኡ ከኣ፡ ኣርሰናል ገይሩ።

## መደብ ጸወታ

ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026
ስጳኛ - ኣርጀንቲና 10፡00 ድ.ቐ

## ኣሎንሶ፡ ሓሙሽተ ተጻወትቲ ቸልሲ ክሰናበቱ ፈቒዱ



ሓድሽ ዓሰልጣኒ ቸልሲ ዣቢ ኣሎንሶ፡ ንሓሙሽተ ተጻወትቲ ቸልሲ ካብታ ጋንታ ክወጹኡ ሓቢሩ። ኣሎንሶ፡ እዚ ዝገለጸ ቅድመ ምድላው ሓድሽ ወቕቲ ንክጅመር ሒደት መዓልታት ተሪፍዎ ኣብ ዘሎ ግዜ'ዩ።

ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኰይኑ ካብ ዝተሸመ ንመጀመርያ ግዜ ጋዜጣዊ መግለጺ ዝሃበ ኣሎንሶ፡ ኣብ ወርሒ ኑሓሰ ንዝጀመር ሊግ ዘለዎ ድልውነት ብስፍሓት ገሊጹ። ኣሎንሶ ክተግብሮ ወጢኑ ንዘሎ መደብ ክኣ፡ ሓሙሽተ ኣባላት ቸልሲ ካብ መሳርዑ ብምስንባት ፈለምዎ ይርከብ። ፈሊፕ ጆርገንሰን፡ ኣክሰል ደዛዚ፡ በኖት ባዲሸለ፡ ኣሌሃንድሮ ጋርናቾ፡ ሊያም ደላፕ እቶም ንኽወጹኡ ፈቒድሎም ዘለው'ዮም። እዞም ተጻወትቲ ብሓባር 160 ሚልዮን ፓውንድ ዝበጽሕ ዋጋ ኣለዎም። ጋርናቾ ዝሓለፈ ክረምቲ'ዩ ካብ ዩናይትድ ናብ ቸልሲ ተሰጋጊሩ። ኣብ 43 ተሳትፍኡ ሸሞንተ ሸቶ ብምቝጻር እቲ ትጽቢት ዝተገበረሉ ከማልእ ኣይከኣለን። ብተመሳሳሊ ዝሓለፈ ክረምቲ ዝተጸንበረ ሊያም ደላፕ ድማ፡ ካብ 41 ተሳትፍኡ ክልተ ሸቶ ጥራሕ ኣመዝጊቡ። ባዲሸለ፡ ኣብ 16 ግጥማት ናይ ምስታፍ ዕድል ክወሃቦ እንከሎ፡ ደዛዚ ግን ብልቓሕ ናብ ዌስት ሃም ተሰዲዱ ጸኒሑ። ኣብ 2024 ንሸውዓተ ዓመታት ክጸንሕ ዝተሰማምዐ ሓላዊ ልዳት ጆርገንሰን ከኣ፡ 12 ግዜ ጥራሕ'ዩ ተራእዩ።

ቸልሲ፡ ነዞም ሓሙሽተ ተጻወትቲ ክሰናበቱ ክትፈቕድ እንከላ፡ ክሳዕ ሕጂ ድማ ሰለስተ ሓደስቲ ተጻወትቲ ናብ መሳርዓ ጸንቢራ'ላ - ጆቫኒ ኩንዳ፡ ኢማኑኤል ኢሚግዙ ማርኮ ፓለስትራ።

## ኢኔስታ፡ ንተጻወትቲ ስጳኛ የጠንቀቐ



ስጳኛዊ ኣንድረስ ኢኔስታ፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታኦም ንመሲ ደው ከብልዎ ከይፍትኑ ኣጠንቂቑ። ንመሲ ደው ምባል ፈጺምካ ከም ዘይከኣል ዝሓበረ ኢኔስታ፡ ኣብ ክንዲ ምዕጋቱ ብናቶም ፍጥነት ክጻወቱ ምኺሩ።

ኣብ 2010 ምስ ስጳኛ ኩይኑ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለ ኢኔስታ፡ ኑቲ ኣብ ባርሴሎና መጻወትቱ ዝነበረ መሲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ንእኡ ምሉእ ብምሉእ ምዕጻው ዘይከኣል'ዩ። እቲ ጉዳይ ስጳኛ ናይ ገዛእ ርእሳ ጸወታ ብምጽዋት፡ ዕድላት ብምፍጣርን ክትጥቃዕ ከላ ድማ ብምክልኻልን እያ ንኣርጀንቲና ክትዕወተላ ትኽእል" ክብል ገሊጹ። ኑቲ ሸሞንተ ሸቶታትን ኣርባዕተ ቀረብ ብምግባር ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ደሚቑ ዘሎ መጻወትቱ ነበር ዘደነቐ ኢኔስታ፡ ናብ ሓደ ተጻዋታይ ክትኩር ከም ዘይብሉ ገሊጹ። ኢኔስታ፡ ብፍርሒ ክጽወት ስለ ዘይከኣል፡ ተጻወትቲ ስጳኛ ክፈርሑ ከም ዘይብሎም ምኺሩ።

ዋንጫ ዓለም 2026 ሎሚ ኣርጀንቲናን ስጳኛን ብዘካይደኦ ጸወታ መጋረጃኡ ክዕጾ'ዩ። እዛ ናይ ሎሚ ግጥም፡ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ መንጎ ሻምፕዮን ኤውሮጳን ደቡብ ኣመሪካን ዝኾና ሃገራት ትካየድ ብምዃና ፍሉይነት ኣለዋ።

ስጳኛ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንዝሓየለ ምጥቃዕ ብምዕጋት ጸኒዑ ማስመር ምክልኻል ከም ዘለዋ ኣማሲኒራ'ያ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ከኣ፡ በቲ ብመሲ ዝምራሕ ማስመር ክፍተን'ዩ። እቲ ካልእ ሓያል ቅልስ ክረኣዮ ትጽቢት ዝግበረሉ፡ ማስመር ምክፍፋል'ዩ። ብሉጽ ተኽእሎ ኣንጻር ሓቦ ክፋለሙ'ዮም። ሕሉፍ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ናይ ሎሚ ግጥም ኣብ መወዳእታ ደቓይቕ ድራማ ክራኣዮ ትጽቢት ኣሎ። መርገብ ሓበሬታ 'ስፖርት ሞል' ናይ ቅድመ ጸወታ ግምታ ኣብ ዝሃበትሉ፡ ስጳኛ 2-1 ብምዕዋት ዋንጫ ዓለም 2026 ክተልዕል ገሚታ። ኣንበብቲ ኸ፡ ዋንጫ ዓለም 2026 መን ተልዕላ ትብሉ፧

## ዙር ፈረንሳ - መበል 14 መድረኽ

ናይ ትማሊ መበል 14 መድረኽ ዙር ፈረንሳ 155.3 ኪሎ ሜተር ሸፊና። እዛ መድረኽ ተረርቲ ዓቐበት ዝሓዘት ብምዃና ንናይ ግዜ ተቐዳደምቲ እትምችእ እያ ነይራ። ኣብዛ መድረኽ ኣብ መበል 12 ኪሎ ሜተር ናይ ማእከል ቅጽበታዊ ውድድር ተሰሪዓ ነይራ። ንቀጠልያ ማልያ ንምውናን ዝቃለሱ ዘለው ተጻወትቲ ድማ፡ ሓያል ህልኽ ኣርእዮ። ኣብ ቀጠልያ ማልያ ቀዳሞት ሰለስተ ዘለው ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር ኣካይዶም። ያስፐር ፊሊፕሰን ቀዳማይ ሕንጻጽ ብምርጋጽ 25 ነጥቢ ኣኪቡ። ፔደርሰን፡ ማክስ ካንተር፡ ብኒያም ግርማይ ተመራሪሖም ብምእታው፡ ካብ 20 ክሳብ 14 ነጥቢ ወሲዶም። ፔደርሰን ብ397 ክመርሕ እንከሎ፡ ብ361 ከምኡ'ውን 347 ከኣ፡ ፊሊፕሰንን ብንያምን ደሰዕብዎ።

እቲ ኣብ ዓቐበት ሓያል መጥቃዕቲ ዝቶየደ ታደይ ፖጋቻ ድማ፡ ብ4፡00፡07 ቀዳማይ ሕንጻጽ ብምርጋጽ ዕውት ናይዛ መድረኽ ኰይኑ።


ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ማይ ጻህዶ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣቢይቶ
ፋርማሲ ዳሉል

ዕለት
19/07/2026

ጎደና
ጎደና ፕሪራት -751ጥቃ ፋብሪካ ሬና ቀይሕ ባሕሪ
መጨረሽታ ፌርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣቢይቶ
ጎደና ሓርነት ቁ.158ፊት ፊት ሳልሳዋይ ቤት ፍርዲ

ቁ.ስልኪ
188159
07114040
125266

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565